






*ሓርበኛ ተጋዳላይ ሓምድ ማሕሙድ ረቢ ይርሐምካ, ዉሕድ ዶ ተሳቊኻ, ብሰላም ዕረፍ, ኣብ ጎድኒ ምቃልስትኻ, ተቃሊስካ ኣቃሊስካ, ብጅግንነት ኣብ ዓውዲ ውግእ ዘተዋጋእካ, ህያውዩ ታሪኽካ, እንታይ እሞ ይገበር, ንደቀባታ ዘይኮነት ሃገር, ሓርበኛ ዶ ኣብ ስደት ይቕበር,,*

*ገለ ናትካ ተዘክሮታት ኣሎኒ, ተሃንዲዱ ዝመጸ ሰራዊት ደርጊ, ጸጊቡ ገዳይ እንዳበለ, ካብ ኣቑርደት ንተኸረረት ክኣቱ, ሰራዊት ሓርነት መሲልዎ ሰንባዲ, ከፍርስ ናይ ጀጋኑ ዕርዲ,, ኣብ ሩባ ባርካ ተቀቢሉ ፍርዲ,,*

*ከቢድ ብረት ዝጸዓና መካይኒ ጀብሃ ዓባይ, ንመጀመርያ ግዜ ብቐትሪ, ምሳኻ ሰዉእ ተጋዳላይ ዓብደላ እድሪስ,ምስ ክልቴኹም ናይ መጀመርታ ሌላይ, ንምሽቱ ጀጋኑ ሰራዊት ሓርነት፣ ድርብ ሓሞቱ, ንቑርደት ሃጂሙ, ኣብ ማእከል ሰራዊት ደርጊ ብብሬን ብካላሽንን ብኣርበጂ, ጓይላ ተኺሉ,,*

*ከም መሪሕ ሓላፍነት ተቀቢልካ, ንስካ ደሃይ ሰራዊት ሓርነት ክትገብ, ሬድዮ ሒዝካ, ሃሎው ንቃርዑብል ሃሎው ንራህያ ዓባይ,  ሰራዊት ሓርነት ብሰላም ተመሊሱ ዶ ንዝብል ሕቶ, እወ ምስ ኮነ እቲ መልሲ,*

*ይዝከረኒ ሹዑ ጅግና ሰዉእ ዓብደላ እድሪስ፣ ሕጂ ግርም ኢሉ ክድቅስ ከሎ, ጅግና ሓምድ ማሕሙድ ካብ ተበገስካ, ረቢ ኣብ ጀና ይቀበልካ, ሰብ ኣይነብርንዩ, ታሪኽዩ ንባሪ, ሃገረይ ዝበለ ወትሩ ተዘካሪ,ሕድሪ ቀዳሞት ዳሕረዎት ተቐቢልና, ናይ ሓርነት ቃልሲ ክንቅጽሎ ኢና, ይቕሰን መቓብርኩም ሰዉኣትና, ንስድራቤቱን ንመቃልስቱን ጽንዓት ያሃበና, ኣሚን ኣሚን፣*

*ብሽም መሰረታት ዞባ ጀርመንን፡ ብሽም ፈተውትኻን ብጾትካን፡ በርሀ ዑቁባዝጊ፣ ወኪል ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሃገር ጀርመን፡ ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ።*